ትምህርቲ እምነት
ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስቲያን

# ሕጻናት ናባይ ክመጹ ሕደግዎም

ትምህርተ ክርስቶስ

ንሕጻናት

ዕድመ 6-7 ዓመት

ይተሓተም፡-

✝ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበኻ ኣሥመራ

# ሕጻናት ናባይ ክመጹ ሕደግዎም

ብኃልዮት መንበረ ጵጵስና ሰበኻ ኣሥመራ
ዝተሓትመ ኢዩ።

© መሰል ኣኅታሚኡ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና

ኣሥመራ ሰነ 2010

✣ ✣ ✣

# Let Children Come To Me

© copyright, The Catholic Eparchy Of Asmara
ISBN - 99948 - 50 - 07 - 5

All rights are reserved

Franciscan Printing Press

Asmara 2010
Eritrea

# መእተዊ

ዝኸበርኩም ቆሞሳት፡ ወልድን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን፡

እዚ “ሕጻናት ናባይ ክመጹ ሕደግዎም” ዝኣርእስቱ ንኡስ መጽሓፍ ትምህርተ ክርስቶስ ን6/7 ዓመት ንዘለዎም ቆልዑ ሰበኻና ዝተዳለወ ኢዩ። እዚ ዕድመ'ዚ መጀመርያ ደረጃ ናይ ንእስነት ኮይኑ ንክርስቲያናዊ ሕይወት መባእታ ቀዳማይ ስጉምቲ ኢዩ።

ናይዚ ዕድመ'ዚ ቆልዑ ምስ ሓደስቲ ዘይፈልጥዎም ኣደነቕቲ ዝኾኑ ነገራት እናተላለዩ ብእምነቶም ዝሕነጹሉ ጊዜ ኢዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ስድራ፡ ምስ ጎረባብቶም፡ ምስ ደቂ ቁምስናኦም፡ ምስ ደቂ ቤት ትምህርቶም ሓድሽ ርክባት ዝፈጥሩሉን፡ ሓደስቲ ነገራት ዝመሃሩሉን ጊዜ ኢዩ። ሓድሽ ወቕቲ ናይ ክርስቲያናዊ መዕበያ ብምዃኑ ነቲ ድሕሪኡ ዝመጽእ ምቕባል ቅዱስ ቊርባን ክዳለው፡ ኣገዳሲ መባእታ ኢዩ።

በዚ መጽሓፍ'ዚ እምበኣር እግዚኣብሔር ከምዝፈትዎምን፡ ብዝተፈላለዩ ምልክታት ኣብ ሕይወቶምን ኣብ ኩሉ ከባቢኦምን እግዚኣብሔር ኣቦ ምዃኑ፡ ኣብ ምስክርነትን ናብራን ቤተክርስቲያን ምስ ቃላቱን ተግባራቱን ኣናተላለዩ፡ ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ክራኸቡ ንህያብ መንፈስ ቅዱስ ብክፉት ልቢ ክቕበሉ ሓግዝዎም። ኣውራ ከኣ ኣምላኽ ብፍሉይ ከምዘፍቅሮም ርዲኢቶም ኮይኑ ክዓቢ ሕነጹዎም።

ነዚ መጽሓፍ'ዚ ከመይ ገቢርኩም ከምእትጥቀሙሉ ዝሕግዝ ናይ መምህራን መምርሒ እውን ተዳልዩ ኣሎ። ንወልድን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ጠቓሚ መወከሲ ኮይኑ ብተገዳስነት ክትክተልዎ ንላቦ።

ቆልዑ በብደረጃኦም ብእምነት ንምሕናጽ መጽሓፍ ምድላው ኣይኣኽልን ኢዩ። ብምስክርነት ሕይወት ወለድን፡ ከቢቦምዎም ዘለዉ ደቂ ቁምስናን፡ መምህራኖምን ዝተሰነየ ክኸውን የድሊ።

ስለዚ ኢዩ እምበኣር ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን፡ ሓድሓደ ሕቶታትን መልስን ኣብ መንፈሶም ከበራብሩሎምን ዝዕደሙ ዘለዉ። ቆልዑ እቲ ኣብኡ ዘሎ ታሪኽ ንኽፈልጥዎ ጥራሕ ዘይኮነስ ምስ ክርስቲያንዊ ሕይወት ከተሓሕዝዎ እውን የድሊ።

ትሕዝቶኡ ምስቲ ናይ መምህር መምርሒ ኣተሓሒዝካ ኣብ ምሉእ ዓመት ዝዝርጋሕ፡ ሰሙናዊ ትምህርትን፡ ክረምታዊ ትምህርትን ክውዳእ ይግባእ። ክረምቲ ጥራሕ እንተኮይኑ ግን ኣብ ክልተ ክረምቲ ክውዳእ ይከኣል። እዚ መጽሓፍ'ዚ ኢየሱስ ዘማእከለ፡ ንስርዓተ-ኣምልኾ ዝዕልም፡ ንጸሎት ከኣ ዝምህር ክኸውን ንምነ። ድሕሪኡ ዝስዕቡ መጻሕፍቲ ንመጀመርያ ቊርባንን ንሜሮንን ዝዳለዉ መጻሕፍቲ ከምዘለዉ ኣብ ግምት ብምእታው ምስ ዓቕሚ ቆልዑ ናይ እዚ ዕድመ'ዚ ተመዚኑ ዝተዳለወ ኢዩ።

ደቅና ናይ እምነትና ወረስቲ ምዃኖም ተገንዚብና፡ ብትግሃትን ንቕሓትን ክነሰንዮም ልዑል ምንዮተይ ኢዩ።

ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም
ኤጳርቃ ዘመንበረ ኣስመራ።

ዝተፈቶኹም ቆልዑ፡-

እዚ መጽሓፍ እዚ ንዓኻትኩም ንቖልዑ ተባሂሉ ዝተዳለወ ኢዩ። ካብ ንእስነትኩም ጀሚርኩም ንኢየሱስ ክትፈልጥዎ ይሕግዘኩም። ብንእሽቶኹም ምስ ተጠመቕኩም ናብ ኣምላኽ ዝተወፈኹም ኢኹም።

ብዕድመ እናወሰኽኩም፡ ብቑመት እናነዋሕኩም፡ ለባማት እናኾንኩም፡ ብትምህርቲ ደረጃ እናወሰኽኩም ትኸዱ ኣለኹም። ብትምህርተ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ ንኢየሱስ እናፈለጥኩምዎን እናለበምኩምን ዕበዩ።


ኣብ ገዛኹም ስድራኹም ዘምሃሩኹምን፡ ኣብ ቁምስናኹም መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ዘምህሩኹምን ኩሉ ተኸታተሉ። ኢየሱስ ብዙሕ ይፈትወኩም ኢዩ። ስለ ዝፈትወኩም ከኣ ንዓበይቲ ሕጻናት ናባይ ክመጹ ኣይትኸልክልዎም ኢሉ ምሂሩ ኢዩ።

እናቴ ንግስቲ ሚካኤል

# ትሕዝቶ


1. ገዛና ........ 5
2. ምልክት መስቀል ........ 6
3. መዓልቲ ጥምቀተይ ........ 7
4. ቁምስናይ ........ 8
5. ቤት ትምህርተይ ........ 9
6. እግዚኣብሔር ንኹሉ ፈጢሩ ........ 10
7. ኖህ ........ 11
8. ኣብርሃም ........ 12
9. ሙሴ ንሕዝቢ ብባሕሪ ከም ዘሳገሮም ........ 13
10. መልኣኽ እግዚኣብሔር ንማርያም ከም ዘበሰራ ........ 14
11. ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ........ 15
12. ሰብኣ-ሰገል ንኢየሱስ ሰገዱሉ ህያባቶም ከምዘወፈዩሉ ........ 16
13. ኢየሱስ ንወለዱ እናተኣዘዘ ከምዝዓበየ ........ 17
14. ኢየሱስን ሕጻናትን ........ 18
15. ኢየሱስ እንጌራ ኣበርከተ ........ 19
16. ኢየሱስ ማዕበል ኣህድኤ ........ 20
17. ኢየሱስ ዓየነስዉር ከምዘሕወየ ........ 21
18. ኢየሱስ ንሓዋርያት ጸሎት መሃሮም ........ 22
19. ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ሰዲዱልና። ........ 23
20. ሓላዊና መልኣኽ ........ 24
21. ዕለታዊ ጸሎታት ........ 25

# 1. ገዛና



ንሕና ስድራቤት ኣምላኽ ኢና።

ኣብ ስድራቤትና ኩልና ብሓንሳብ ንነብር። ኩሉ ዘሎና ናይ ሓባር ኢዩ።

ወለድና ሕይወት ሂቦምና፣ ይፈትዉና፣ ንሕና ከኣ ንፈትዎም። ብሓንሳብ ንጽሊ፣ ንሕጎስ፣ ንሓዝን።

**ጸሎት**

**ኦ ኣምላኽ ንኩሎም ኣባላት ስድራ ቤትና ባርኮም። ንኣቦይ ንኣደይ ንኩሎም ኣሕዋተይን ኣሓተይን ብጥዕናን ብፍቕርን ምልኣዮም። ኣብ ኩሉ ኣሰንየና። ኩሉ ጊዜ ብፍቕርን ብስ ምምዕን ንምንባር ክንጽዕር ሓግዘና።**

**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም /መዝ. 127፡1-5, ማቴ.18፡1-6/።**

# 2. ምልክት መስቀል




ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ፣ ኣሜን። ኣነ ክርስቲያን ኢየ። ኣነ ብሓደ ኣምላኽ እኣምን። ምልክተይ ከኣ መስቀል ኢዩ። ምልክት መስቀል ዓባይ ጸሎት ኢያ። ጸሎት ምልክት መስቀል ክፍኣት ካባና የርሕቕ፡ ሓይሊ ኣምላኽ ከኣ ምሳና ከምዝህሉ ይገብር።

**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ኪገልጹሎምን ዘለዎም (ማር. 1፡ 9-13)። ንደቕኹም ቅድሚ ጸሎትን፡ ስራሕን ምልክት መስቀል ጸሎት ስብሓትን መሃሩዎም።**


# 3 ቁምስናይ



ቤተ-ክርስቲያን ቤት እግዚኣብሔር ኢዩ። ክርስቲያን ኣብ ቤተ-ክርስቲያን ጸሎት ይገብሩ። ሰንበት ዓቢይ በዓል ኢዩ። ብሰንበት ብዙሕ ሰብ ናብ ቤተ-ክርስቲያን ከይዱ ቅዳሴ ይሳተፍ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቆልዑ፡ ይጥመቑ፡ ይጽልዩ፡ ቃል ኣምላኽ ይሰምዑ፡ ቅዱስ ቁርባን ይቅበሉ፡ ሜሮን ይቕብኡ.. .ወዘተ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም /ሉቃ. 2፡ 41-51/። ወለዲ ንደቐኹም ናብ ቤተክርስቲያን ኣናወሰድኩም ምስቲ ኣብኡ ዝካየድ መንፈሳዊ ተግባራትን ኣብ ቤተክርስቲያን ዘሎ ነገራትን ኣላልይዎም።

# 4. ቤት ትምህርተይ




ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዙሓት መሓዙት ኣለውኒ። ኣነ ንኹሎም ደቂ ቤት ትምህርተይ እፈትዎም። ኣምላኽ ከኣ ንኹልና ይፈትወና። መማህርተይ ክርስቲያን፣ ኣስላም፣ ሃብ- ታማት፣ ድኻታት፣ ንፉዓት፣ ዘይንፉዓት ኢዮም። ንኩሎም ከኣ ኣኽብሮም። ኣነ ሕጂ ስርሐይ ትምህርቲ ምጽናዕ ኢዩ። ትም- ህርተይ ብጽቡቅ ክከታተል ኢየ። መምህራነይ ከም ኣቦይን ኣደይን ኮይኖም ብጽቡቅ ክዓቢ ይሕግዙኒ። ኣነ ከኣ ኣኽብሮምን ይእዘዞምን።

**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም**
**/ሉቃ. 6፣ 27-36/**

# 5. መዓልቲ ጥምቀተይ




ወለደይ ስለዝፈትዉኒ ናብ እግዚኣብሔር ኣወፍዮምኒ፥ ኣነ ምስ ተጠመቅኩ፥ ክርስቲያን ኮይነ።

መዓልቲ ጥምቀተይ ሓዳስ ሂወተይ
ዘረጋገጽኩላ ክርስትያንነተይ
ዝረኸብኩላ መሰል ውሉድነተይ
መንፈስ ቅዱስ ዓቢይ መብራህተይ

**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም**
**(ማር. 16፥ 15-18)**


# 6. እግዚኣብሔር ንኹሉ ፍጡር ፈጢሩ።



ሕ- መን ፈጠረና?
ም- እግዚኣብሔር።
ሕ- ንምንታይ ፈጠረና?
ም- ክንፈልጦ ክንፈትዎ፣ ንሱ ዉ'ን ዝኣዘዘና ክንፍጽም፣ በዚ ምኽንያትዚ እውን መንግስተ-ሰማይ ክንወርስ።
ኩሉ ፍጥረት ኣምላኽ ዝሃበና ኢዩ፤ ከነመስግኖ ይግበኣና።
ኣምላኽ ንፍጥረት ክንከናኸኖን ብግቡእ ክንጥቀመሉን ድላይ ኣምላኽ ኢዩ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ከዘንትዎሎምን ዘለዎም
(ዘፍ. 1፡1-26)።

# 7. ኖህ



ኖህ ሕያዋይ ሰብ ነበረ። እግዚኣብሔር ዝበሎ ኩሉ ዝእዘዝ ሰብ ነበረ። ደቂ ሰባት ሓጢኣት ገበሩ። ኖህ ግን ጻድቅ ነበረ። እግዚኣ ብሔር ንኖህ ኣነ ናብ ምድሪ ብዙሕ ማይ ከዝንም ኢየ። ኣብ ምድሪ ዝርከብ ኩሉ ከኣ ከጥፍእ ኢየ። ምሻኻ ግን ኪዳነይ ክኣ ቱ ኢየ በሎ። ካብ ዕንጸይቲ መርከብ ስራሕ በሎ።ኣብታ መርከብ ኖህ ምስ ስድራኡን ካብ ኩሎም እንስሳታትን ኣትክልትን ጸጽምዲ ኣተዉ። ብዙሕ ማይ ምስዘነመ ኣቶም ኣብ መርከብ ዘይኣተዉ ኩሎም ሞቱ። ኖህ ግን ቅኑዕ ስለዝነበረ፡ ንርእሱን ንሰበይቱን ንደቁን ንጥሪቱን እቶም ኣብ መርከብ ዝኣተዉን ካብ ማይ ኣይሂ ኣድሓኖም።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ዘፍ. 6-9)


## 8. ኣብርሃም



ኣምላኽ ንኣብርሃም ኣቦ ብዙሓት ኪኾውን ሓረዮ። ፍሉይ ዓርኪ እግዚኣብሔር ክኾውን ከኣ መረጾ። ኣብርሃም ንኣምላኽ ብኹሉ ልቡ ይኣምኖ ነበረ። ንሱ ኣምላኽ ዝሓተቶ ኩሉ ይገብር ነበረ። ኣብርሃም ኣብነት ናይ ኩሎም ኣመንቲ ኢዩ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ዘፍ. 12-21)

## 9. ሙሴ ንሕዝቢ ብባሕሪ ኣሳገሮም



ደቂ ኣብርሃም እስራኤላውያን፡ ብጊዜ ደርቅን ጥሜትን ንግብጺ ተሰደዱ። ግጻውያን ከኣ ስለ ዝፈርሑዎም፡ ካብ ዕብራውያን ዝውለድ ወዲ ተባዕታይ ዝኾነ ክቅተል ኣዘዙ። ሽዑ ኣምላኽ ን ሙሴ ንዕብራውያን ካብ ግብጺ ከውጽኦም ኣዘዞ። ሙሴ ከኣ ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ገበረ። ኣብ መንገዲ ብዙሕ ሽግር ኣጋጠሞ። ቀይሕ ባሕሪ ጨዲዱ ከኣ ኣውጽኦም። ኣምላኽ ምስኡ ስለዝነበረ ከኣ ተዓወተ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም
(ዘጸ. ምዕ 2-14 ወይ ከኣ ቅዱስ ታሪኽ ገጽ 38-43)።

# 10. መልእኽ እግዚኣብሔር ንማርያም ኣበሰራ




ገብርኤል መልኣኽ ናዝሬት ናብ እትበሃል ዓዲ ናብ ሓንቲ ድንግል ተላእከ። እቲ መልኣኽ ከኣ "ማርያም ኣይትፍርሒ፣ ከመይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ። እኒሆ ወዲ'ውን ክትጸንሲ ክትወልዲ'ን ኢኺ። ንሱ ከኣ ኢየሱስ ክበሃል ኢዩ። ዓቢይ ክኸውን ወዲ እቲ ልዑል ከኣ ክበሃል ኢዩ። መንግስቱ ከኣ መወዳእታ የብሉን" በላ። ንሳ ከኣ "ከምቲ ዝበልካዮ ይኹን" በለቶ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም

(ሉቃ. 1፡ 26-38)

ጸሎት ሰላም ነዓኺ ኦማርያም ከጽንዕዋ ምሃሩዎም።


# 11. ልደት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ



ልደት ዓቢይ በዓል ኢዩ፣ ኢየሱስ ዝተወለደሉ የዘኻኽር። ኩልና ከኣ ንሕጎስ። ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምውላድ ኩሎም ኣሕዛብ ብዓብይ ሓጎስ ይዝክርዎ። ኣብ ኩላ ምድሪ ከኣ መዝሙር ይዝመር፥ ኩሎም ሰባት በዓል ይገብሩ። ንልደት ኢየሱስ መላእኽቲ ካብ ሰማይ ዘመሩ። ጓሶት ከኣ ስግደቶም ኣቕረቡ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም ሉቃ. 2፥1-20)

# 12. ሰብ-ጥበብ ንኢየሱስ ሰገዱሉ ህያባቶም ኣወፈዩ



ኢየሱስ ምስ ተወልደ ዓበይትን ናእሽቱን፡ ሰብ ቀረባን ሰብ ርሑቅን ሰገዱሉ። ሰብ ጥበብ ካብ ሃገር ምብራቅ ተበጊሶም እና ሓተቱ ነዊሕ መንገዲ ከይዶም። ንመዓልትታ ተጓዒዞም ረኺቦምዎ። ንኢየሱስ ሕጻን ብምርካቦም ከኣ ብዙሕ ተሓጎሱ።እቲ ዝበለጸ ህያባቶም፡ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ከኣ ኣቕረቡሉ።

ንሕናኸ ንኢየሱስ እንታይ ህያብ ክነቕርበሉ ኢና?

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም(ማቴ. 2፡ 1-12)

# 13. ኢየሱስ ንወለዱ እናተኣዘዘ ከምዝዓበየ



ኢየሱስ ብዕድመን፡ ብቁመትን ኣናወሰኸን፡ ንወለዱ እናተኣዘዘ ዓበየ።

## ግጥሚ

1. ብሩኽ ቆልዓ ኢየሱስ ዝስሙ
   ሕያዋይ ነይሩ ብቐደሙ
   ንወለዱ ይሕግዞም ከም ዓቕሙ።

2. ኢየሱስ ብንእሽቶኡ ይለኣኽ ነበረ
   ንኹሎም ዓበይቲ እናኣኽበረ
   ዝበልዎ ኩሉ እናገበረ።

3. ኢየሱስ ባዕሉ ኣምሂሩና
   ክንእዘዝ ክናኽብር ወለድና
   ክንሕግዞም ክነሓጉሶም ብዝከኣለና።

ወለዲ ንደቆም ክንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ሉቃ. 2፡51-52)


# 14. ኢየሱስን ሕጻናትን



ኢየሱስ ምስ ሕጻናት ክራኸብ እንከሎ ብዙሕ ይሕጎስ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ገሊኦም ወለዲ ንደቆም ምእንቲ ክባርኾሎም ኣምጽኦሉ። ሓዋርያት ግን ሰጎግዎም። ኢየሱስ ከኣ “ሕጻናት ናባይ ክመጹ ሕደጉዎም፣ ኣይትኸልኽልዎም” በሎም። ሓቚፉ ድማ ኢዱ ኣንቢሩ ባረኾም።

**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ማር. 10፡13-16)።**


# 15. ኢየሱስ እንጌራ ኣበርከተ



ኢየሱስ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ይምህሮምን ንሕሙ-ማቶም የሕውየሎምን ነበረ። ሓደ ምሸት ምድሪ ዓሪቡ ከሎ ብዙሓት ሰባት ደድሕሪኡ ይኸዱ ነበሩ። ሽዑ ሓዋርያት፣ ሓሙ-ሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ጥራሕ ኢዩ ዘሎና ነዞም ኩሎም ሕዝቢ እንታይ ክነብልዖም ኢና በሉዎ። ንሱ ነቲ ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ባረኾ እሞ ብዙሕ ኮነ። ኩሎም ከኣ በሊዖም ጸገቡ።ዓሰርተ ክልተ መሰብ ከኣ ቁርስራስ ተረፈ። ኢየሱስ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ መንጎና ከምዝመጸ ክገልጽ ተኣምራት ገበረ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ማር.6፥30-43)

# 16. ኢየሱስ ማዕበል ኣህድአ




ሓደ ምሸት ኢየሱስ ምስ ሓዋርያቱ ብጃልባ ባሕሪ ይሳገሩ ነበሩ። ሽዑ ብርቱዕ ማዕበል ተላዒሉ ክግልብጦም ደለየ። ሓዋርያት ፈሪሖም፤ መምህር! ጠፋእና ኣድሕነና!! በልዎ። ንሱ ተንሲኡ ንባሕሪ "ህዳእ!" በሎ። እቲ ባሕሪ ከኣ ሃድኤ። ሽዑ ንሳቶም "እዚ ንፋስን ባሕርን ዝእዘዝዎስ መን ኮይኑ ኢዩ? ተበሃሃሉ።

ፈሪሕካዶ ትፈልጥ? ካብ ምንታይ ትፈርሕ?

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ማር. 4፡35-41)።

# 17. ኢየሱስ ንዕዉር ከምዘሕወየ።



ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ናብ ኢያሪኮ ከደ። ሓደ ዕዉር ከኣ ኣብ ጥቓ መንገዲ ተቐሚጡ ይልምን ነበረ። ኢየሱስ ይሓልፍ ከምዝነበረ ፈለጠ። ወዲ ዳዊት ራሕርሓለይ! እናበለ ጨርሐ። እቶም ሰባት ግን ሱቕ ክብል ገንሕዎ። ንሱ ግን ቀጺሉ፡ ወዲ ዳዊት ራሕርሓለይ! በለ። ኢየሱስ ከኣ ጠጠው ኢሉ፡ ናብዚ ኣምጽእዎ በሎም። እንታይ ክገብረልካ ትደሊ በሎ? ንሱ ድማ "ክርኢ" በሎ። ኢየሱስ ድማ እምነትካ ኣድሒናትካ "ርአ!" በሎ። ሽዑ ንሽዑ እውን ረኣየ። ኩሉ እቲ ህዝቢ ከኣ ነዚ ምስ ረኣየ ንእግዚኣብሔር ኣመስገነ።

**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ማር. 10፡46-52 ሉቃ. 18፡34-35)።**

# 18. ኢየሱስ ንሓዋርያት ጸሎት መሃሮም



ኢየሱስ ክጽሊ ጸኒሑ ምስ ወድኤ ሓዋርያቱ "ጸሎት መሃረና" ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ከኣ ኩሎም ሰባት ደቂ ሓደ ኣቦን ኣሕዋትን ምዃኖም መታን ክዝክሩ፥ ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር. . . ቢልኩም ጸልዩ በሎም።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም(ማቴ. 6፥ 9-15) ንደቕኹም ጸሎት ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር መሃርዎም።

# 19. ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ሰዲዱልና።



ኢየሱስ ንሓዋርያቱ፣ ከምቲ ዝበሎም፣ ኣብ ጽርሓ ጽዮን ተኣኪቦም እንከለዉ መንፈስ ቅዱስ ለኣኸሎም። መንፈስ ቅዱስ ምስ ተቐበሉ ዘይፈርሑን ዝፋቀሩን ኮኑ። መንፈስ ቅዱስ ንኣምላኽን ንኹሎም ሰባትን ክነፍቅር ሓይሊ ይህበና። ሓቂ ክንዛረብ ይሕግዘና። ጽቡቕ ክንሓስብን ክንገብርን ከኣ የብር-ሃልና።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎም ዘለዎም /ግሓ፥2, 1-39/።

# 20. ሓላዊና መልኣኽ



ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ምሳና ስለ ዘሎ ብመልኣኹ ይሕልወና። ሓላዊና መልእኽ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ልኡኽ ኢዩ። ሰናይ ተግባራትና ናብ እግዚኣብሔር የብጽሕ። ካብ ሰይጣንን ካብ ክፉእን ይከላኸለልና። ስለዚ ናብ ሓልዊና መልኣኽ ጸሎት ምግባር የድሊ።

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም (ግሓ. 12፥1-9) ንደቖም ጸሎት ናብ ሓላዊና መልኣኽ መሃርዎም።

# 21. ዕለታዊ ጸሎታት

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ፡ ኣሜን።

## ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር

ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ስምካ ይቀደስ መንግስትኻ ትምጻእ ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ከማኡ እውን ኣብ ምድሪ ይኹን። መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና። ንዝበደልናካ ይቕረ በለልና ንሕናውን ዝበደሉና ይቅረ ከም እንብለሎም ናብ ፈተና ኣይተእትወና እንካብ ኩሉ ክፉእ ኣድኅነና። ከመይ መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለዓለም ናትካ ኢዩ። ኣሜን።

## ሰላም ንኺ

ሰላም ንኺ ኦ ማርያም ጸጋ ዝመልኣኪ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ። እንካብ ኣንስቲ እተባረኽኪ ኢኺ ናይ ከርሰኺ ፍረ ኢየሱስ ከኣ ዝተባረኸ ኢዩ፡፡

ኦ ቅድስቲ ማርያም እኖ ኣምላኽ፡ ለምንልና ንኣና ንሓጥኣን፡ ሕጅን ብጊዜ ሞትናን ኣሜን።

## ስብሓት

ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን። ጥንቲ ከምዝነበረ ሕጂ ከኣ ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

## ጸሎት ናብ ሓላዊና መልኣኽ


ኣምላኽ ብሕያውነቱ ክትሕልወኒ ዝሃበኒ ኦ ናይ እግዚኣብሔር መልኣኽ በዛ መዓልቲ እዚኣ ኣብርሃለይ፡ ሓልወኒ፡ ርድኣኒ፡ ኣሜን።

<u>ለበዋ</u> ወለዲ ንደቆም ኣብ መኣዲ፡ ንግሆ ምስ ተንስኡ፡ ምሸት ክድቅሱ እንከለዉ ጸሎት ከዘውትሩ ኣብነት ክህብዎምን፡ ክጽልዩ ክሕግዝዎምን ሓላፍነት ክወስዱ የድሊ።

# አቦና

ኣብ ሰማይ እትነብር
ስምካ ይቀደስ መንግስትኻ ትምጻእ።






ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ
ከማኡ እውን ኣብ ምድሪ ይኹን።

መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና፣
ንዝበደልናካ ይቕረ በለልና

ንሕናውን ዝበድሉና ይቅረ ከም
እንብለሎም።





ናብ ፈተና ኣይተእትወና
እንካብ ኩሉ ክፉእ ደኣ ኣድኅነና።

ከመይ መንግስትን ሓይልን
ክብርን ንዘለዓለም ናትካ ኢዩ።
ኣሜን።

